**Patientinformation på tigrinja**

# ኣብ እዋን መጥባሕቲ ዝውሰድ መግብን መስተን

- ቅድሚ መጥባሕትኻ ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ዘሎ ግዜ (24.00) ዝኾነ ደረቅ መግቢ ክትበልዕ ትኽእል ኢኻ።
- ፈሳሲ መግቢ ከም መረቅ/ሾርባ፡ ዮጉርት/ርግኦ ተረርቲ ነገራት ዘየብሉ ክሳብ 6 ሰዓታት ንመጥባሕትኻ ዝተርፎ ክትሰቲ ወይ ክትወስድ ትኽእል።
- ዝስተ ነገራት፡ ጋዝ ዘየብሉ ማይ፡ ቡን ወይ ሻሂ ብዘይ ጸባ፡ ቁርጽራጽ ፍሬታት ዘየብሉ ጽማቅ ክሳብ 2 ሰዓታት ንመጥባሕቲ ዝተርፎ ክትሰቲ ትኽእል። ዝኾነ ውጽኢት ጸባ ግን ክውሰድ የብሉን።
- ቅድሚ ክልተ ሰዓት ናይ መጥባሕቲ ግዜኻ ዝኾነ ዓይነት ማስቲካ ወይ ትምባኾ ክጥቀም የብልካን።
- ኣብ መዓልቲ መጥባሕቲ ክትወስዶም ዘለካ መድሃኒታት 1 ሰዓት ቅድሚ ናይ መጥባሕቲ ግዜኻ ብብርጭቆ ማይ ጌርካ ክትውሕጦም ትኽእል ኢኻ፡ ፡

**ኣስተውዕል**

ንድሕነት እቲ ቆልዓ ክበሃል ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሰ ሕግታት ምክትታል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ ንክልቲኡ መጥባሕትን መስርሕ ምድንዛዝን ዝምልከት እዩ።

እዞም ሕግታት እንተዘይተተግቢሮም ግን እቲ ዝተመደበ መጥባሕቲ ይስረዝ ፡፡